# መግለጺ ሓዘን

ክቡር ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ፣ ስድራ ቤት ነፍሲ-ሄር ሓርበኛ ቀዳማይ ሚንስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ ድማ ብፍላይ ፣ ብምኽንያት ካብዛ ዓለምዚኣ ምፍላይ ናይ ክቡርን ፣ መምህር ምዕባለን፡ ቀዳማይ ሚንስተር ኢትዮጵያ፡ መለስ ዜናዊ ፣ ናይ ወሪድኩም ዘሎ ከቢድ ሓዘን ፣ ተሳታፊ ምዃነይ እንዳገለጽኩ ፣ ጽንዓት ይሃብኩም ፣ ይሃብና እብል።

ክቡር ህዝቢ ኢትዮጵያ--

ምፍላይ ካብዛ ዓለም እዚኣ ናይ ዕዉት ፣ ቀዳማይ ሚንስተር ኢትዮጵያ ነፍሲ-ሄር መለስ ዜናዊ ፣ መተሓዝንቲ ፣ ብዓቢኡ ኩሎም ደለይቲ ሰላም ህዝቢ ዓለም፡ ብቀንዱ ከኣ ናይ ከባቢና ፍትሒ ስኢኑ ዝሳቐ ዘሎ ህዝቢ ኣሎዉኻሞ ፣ ብታሪኽ ናይ ንጀጋኑ ብጾቱ ኣርኪብዎም ዘሎ፡ ደላይ ሰላምን ምዕባለን ዝነበረ መለስ ዜናዊ ኩራዕ ። ንኣንጺፍዎ ሓሊፉ ዘሎ መንገዲ ሰላምን ምዕባለን ፣ ኣብ መዕለቢኡ እተብጽሖ ንስኻ ምዃንካ ተኣማሚኑ ዝሓለፈ መራሒ ፣ ኣብ መቓብርካ ቅሰን ፣ ሕድርኻ ክንፍጽሞ ኢና፡ ዝብል ናይ ኩሉ ኢትዮጵያዊ መብጽዓ ክትከውን ሓደራ እብል።

መንእሰያት ኢትዮጵያ

ናይ ብሓቂ ኣያ ኣጥፊእኩም ። ኣያኹም ግን ፣ንበይንኹም ኣብ ጐልጎል ደርብይኩም ኣይሓለፈን። ብዙሓት መለሳት ገዲፍልኩም እዩ ከይዱ። ስለዚ ተስፋ ምቑራጽ ወይ ምጅኻው ኣየድልን። ምእንቲ እቲ እትፈትውዎ መራሒኹም ኣብ መቓብሩ ክቐስን ፣ ምስቶም ገዲፍልኩም ሓሊፉ ዘሎ ብዙሓት መለሳት ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ምትሕብባር ብዝልዓለ ደረጃ ክትዋስኡ ሓደራ እብል።

ሓውኩም ተስፋይ ተምነዎ

21/08/2012